**ሰማያዊት ባንደራ (መለይ) መለለይ ኤርትራዊ ዜግነት**

**ዳአ እምበር፡ መሕብኤ ትግራይ ትግርኚ አይኮነትን።**

**(ቀዳመይቲ ክፋል)**

**ክቡራት አሕዋትን አሓትን ደቂ ሃገር፡ አንበብቲ እዛ ጽሕፍቲ ..! ነዛ አብ ልዕሊ አቐሚጠያ ዘለኹ አርእስቲ ምስ ራአኹም፡ ቀልጢፍኩም አብ ግጉይ ዝኾነ ፍርዲ አንጻር ሓሳበይ ከይታአትዉ፣ አነ ነዛ አርእስቲ ካበየናይ ምኽንያት ተበጊሰ እየ መሪጸያ፡ ንጹር ክኸውን ምእንቲ፣ አብዚ መብርሂ ክህብ አፍቅዱለይ። ብቀዳምነት እምባአር ኩሉ አንባቢ ክርድኦ ዘለዎ፡ አነ ነዚ፡ ካብ 1998 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ (2023) ዝኸይድ ዝነበረን ዘሎን፡ ,,ጽልኢ አንጻር ተጋሩ፡ አብ ፋብሪካ ሓሶት ኢሳያስ አፈወርቂ ዝተፈጥረ ወይ ዝተማህዘ ጽልኢ ዳአ እምበር፡ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ አይኮነን"፡ ዝብል ፍጹም ዘይዋላወል ዕግበት ከምዘሎኒ ክሕብር ይፈቱ። እዚ ኾይኑ እቲ ናተይ ሓቀኛ ርድኢት፡ እምባአር እታ አብዚ እትቀርብ ሕቶ፤ እንታይ እዮም እቶም ምኽንያታት ነዛ አርእስቲ እዚአ ክመርጻ ዘገደዱዎ ..? እትብል እያ ክትከውን ትኽእል።**

**እምባአር'ከስ ክቡራት አንበብቲ፡ አነ ነዛ አብ ላዕሊ ሰፊራ ዘላ አርእስቲ ክመርጽ፡ ከም መበገሲ ክጥቀመሉም ናዓይ ዘገደዱኒ ምኽንያታት፡ እቶም አብቲ ብ-ዕለት 20.08.2023ዓ.ም.ፈ.፡ አብ ,,ተፈታዊ Talkshow"፡ ምስ ክልተ ዕዱማት፤ እቲ ሓደ በየነ ገ/እግዛአቢሄር (ውፉይ) ዝባሃል፡ እቲ ካላአይ፡ ወናኒ ሓንቲ ,,ብ-J-Studio እትስመ Socialmedia" ዝኾነ፡ ብ-ዮሴፍ ገ/ሂወትን ዝፍለጥ፤ ዝተገብረ መደብ ናይ ቃለ-መሕተት (Interview)፡ ዝፈሰሱ ዝነበሩ ሓሳባት እዮም። ቀንዲ አርእስቲ ናይቲ ቃለ-ሕተት ምስ እዞም ክልተ የሕውትና ኻአ፡ ብዛዕባ እቲ አብ ,,ፋኑስ-Net-Work" ብ-ዩኤል ዝተዳለወ፡ አብ ዝተፈላለየ ማዓልቲ፡ (1) ምስ ዶር. ኢብራሂም ሱራጅን፡ (2) ምስ ሳምሶም ምስግናን፡ ዝተገብረ ቃለ-መሕተት ኮይኑ፡ ከም (3) መዛረቢ ኻአ፡ ምኽንያት መዔደሚ ዩኤል ናይዞም ክልተ ሰብ፡ እዩ ነይሩ። ምስ እዚ ብምትእስሳር፡ ,,ተፈታዊ Talkshow" (ሰልጠነ ግርማይ) ንአጋይሹ እቲ አብ ,,ፈኑስ Network" በቶም ክልተ ዕዱማት ናይ ዩኤል ዝቐረቡ ሓሳባት ከምዝሰምዕዎ ይገብር እሞ፡ ድሕሪ'ዚ ሕቶታቱ ንኽልቲኦም ዕዱማቱ የቅርብ። መጀመርያ ግን፡ አብቶም ብ-ዶር. ኢብራሂም ሱራጅ ዝቐረቡ ሓሳባት፡ ርእይቶ ናቱ ንኸፍስስ ምእንቲ፡ ንዮሴፍ ገ/ሂወት ዕድል ይህቦ። እቲ ዝዓበይ ክፋል ግዜ ዝወሰደ አብቲ ቃለ-መሕተት ናይ ,,ተፈታዊ Talkshow" ካአ፡ ብዛዕባ እቲ ብ-Dr. ኢብራሂም ሱራጅ፡ አብ ,,ፈኑስ Network"፡ ዝቀረበ፡ አንጻር አቲ ድሕሪ 2022ዓ.ም.ፈ. ዝተበገሰ፣ አብዚ እዋናት'ዚ ,,*ብ-በርገድ ንሓመዱ፡ ወይ ካአ ብ-ሰማያዊ ማዕበል*" ዝፍለጥ ምንቅስቓስ፡ ዘቕነዔ አሉታዊ ርእይቶ (ሓሳብ) እዩ። ሕጂ አብዚ እንታይ እዩ Dr. ኢብራሂም ሱራጅ ኢሉ ..? ዝብል ሕቶ ክቀርብ ባህርያዊ።**

**አብዚ እምባአር፡ ምስ አንባቢ ንምርድዳእ ክጥዕም ምእንቲ፡ ቅድሚ አብቲ Dr. ኢብራሂም ስራጅ ዝሃቦ ሓሳብ ምእታወይ፡ መጀመርያ እታ፡ ብ-ወናኒ ,,ፋኑስ Network"፡ ማለት ብ-ዩኤል ናብ ዶር. ኢብራሂም ስራጅ ዝቐረበት ሕቶ ወስ ከብል። ንሳ ኻአ፤ ,,እዚ ክኸይድ ዝቐነየ ሰለማዊ ሰልፍታት ብኸመይ ትዕዘቦ ቐኒኻ፣ እንታይ .. እንታይ ክትርኤ ቀኒኻ ..? መእተዊ ክኾነን፡ እስከ ብኡ ክንጅምር።" እያ ትብል ነይራ። አብዚ ሕጂ፡ ከምዚ ንርኦ ዘለና፡ ዩኤል ንባዕሉ ነቲ ክካየድ ዝቐነየ ሰለማውዊ**

ሰልፍታት ከምይ ይገልጾ፡ ዋላ ንእሽተይ'ውን ትኹን፡ ርእይቶ አየቐመጠን፡ እንታይ ዳእ፡ ብጣዕሚ ሓጻር ሕቶ እዩ ን-Dr. ኢብራሂም ስራጅ ደርቢ.ይሉ። Dr. ኢብራሂም ስራጅ ካአ እታ ሕቶ ብዛዕባ ክካየድ ዝቀነየ ንጥፈታት ናይ „በርገድ ንሓመዱ (ሰማያዊ ማዕበል)" ምኽኑ ተረዲእዎ፡ ልዕሊ ሾሞንተ (8) ደቂቅ ዝኸውን መግለጺ ድሕሪ ማሃብ፡ ን-በርገድ ንሓመዱ፤ „ሓያል ዘረባ ከይከውን እምበር፡ ሙሽ ን-ስርዓት ኢሳያስ ንቓወሞ፡ እቶም ናቱ መናእሰያት ጉጅለ ኻአ Y.P.F.D.J. ይባሃሉ ..? ስለዚ በርገድ ንሓመዱ ናዓይ፡ ከምዚ ናይ ኢሳያስ፡ ናይ ትግራይ እዮም፡ አብዛ ሳዓት እዚአ።" ብምባል፡ አብ መደምደምታ ሓሳቡ ብኸምዚ ይገልጾም። ብሕጽር ዝበለ ዘረባ፡ „በርገድ ንሓመዱ Y.P.F.D.J. ናይ ትግራይ እዮም"፡ ባሃላይ ምኽኑ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

እስከ እምባአር ሕጂ ነዛ ርእይቶ ብሓባር ንፈትሻ። ንርድኢትና ሓጋዚ ክኸውን ምእንቲ ግን፡ መጀመርያ እታ፡ Dr. ኢብራሂም ስራጅ መን እዩ ..? እትብል ሕቶ፡ ካብቲ ባዕሉ አብ ቃለ-መሕተት „ፋኑስ Network" ብዛዕብኡ ዝሃቦ መግለጺ፡ መልሲ ክትረክብ አለዋ። እዚ ሓው'ዚ እምባአር፡ ሓደ ካብቶም ቀለም ዝጸገቡ፣ ብዘካየዶ ናይ ነዊሕ እዋን መጽናዕቲ'ውን፡ ትምህርቱ ብ-ናይ ዶክቶር ማዓርግ ዝዛዘመ፣ ዓብይ ናይ አካዳሚ (academy) ተመክሮ ዘለዎ ኤርትራዊ እዩ። ካብ ኩሉ ኻአ፡ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ፡ ክሳብ ሕጂ፡ ንፍትሕን ዲሞክራሲያዊ ምሕደራን፡ ዝቃለስ ዝነበረን ዘሎን ሰብ እዩ። ስለዚ ከም ዓብይ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ዝውንን ሰብ መጠን፡ አብቲ አንጻር እቲ „ብ-በርገድ ንሓመዱ፡ ወይ'ውን ብ-ሰማያዊ ማዕበል" ዝፍለጥ፡ ናይዚ ግዜ እዚ ምንቅስቃስ፡ ዘቅረቦ ክሲ፡ ብሰነዳት ዝተሰነየ ምርትያ ከቅርብ እዩ ዝግባእ ነይሩ። እዚ ስለዘይገበረ ግን፡ እቲ ንሱ ዝሃቦ መግለጺ (Characterisation) ብዛዕባ እንታውነት እዚ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ስነ-ፍልጠታዊ እይነበረን። ስለዚ ኸአ፡ አብቲ ዝሃቦ መግለጺ ብዛዕባ በርገድ ንሓመዱ፡ ብናተይ ዕግበት፡ ክልተ (2) ዓበይቲ ጌጋታት እዩ ገይሩ። ቀዳመይ፤ ዝኾነ ብ-መጽናዕቲ ዝተሰነየ መርትያ ከየቅረበ፡ አብ ልዕሊ እዚ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ጃምላዊ ዝኾነ ፍርዲ ምሃቡ እዩ። ንአብነት፡ ሓንቲ 4. ወይ 6. ዝርእሳ ስድራ-ቤት አላ። ካብዛ ስድራ-ቤት እዚአ፡ ፍርቐም፡ ወይ እቶም ዝበዝሑ ሰረቅቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር፡ ንዘረባ ክጥዕመልካ ምእንቲ ግን፡ ብዘይ ገለ መርትያ፣ ነቶም ጥዑያት አብ ግምት ከየእተካ፡ ብአልማማ፡ „እዛ ስድራ እዚአ፡ ስድራ-ቤት ሰረቅቲ እያ"፡ ዝብል ፍርዲ እንተ አቐሚጥካ፡ ናይ ከምዚ ዝአመሰለ ፍርዲ ባህርያቱ ጸለመ ዳአ እምበር፡ ምስ ሓቂ ዘራኽብ የብሉን። እታ ካለኤይቲ፤ እታ አነ ከም ዓባይ ጌጋ ናይዚ ክቡር ሓውና'ዚ ገይረ ዝወስዳ፡ ብሓደ ሸነኽ ተቓላሳይ ንፍትሕን ዲሞክራሲን (ተቃዋማይ) ምኽኑ ገሊጹ ከብቅዕ፡ አብቲ አንጻር ን-በርገድ ንሓመዱ ዝሃቦ ፍርዲ ግን፡ ብናይ ህ.ግ.ዲ.ፍ. ቛንቛ ተጠቒሙ፡ ክገልጾም ምፍታኑ እዩ። ስለዚ አነ፡ ሓደ ንፍትሕን ዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ንህዝብና አብ ሃገርና፡ ዝቃለስ ሰብ፡ ሰባት ክኸስስን ከወንጅልን፡ ወይ ካአ ጌጋታት ክእርም እንከሎ፡ ብዝተኻእሎ መጠን፡ ቛንቛ ህ.ግ.ዲ.ፍ ክጥቐም የብሉን፡ ዝብል ዕግበት ከምዘሎኒ እንዳገልጽኩ፡ አብቲ ቀንዲ ነዛ ጽሕፍቲ እዚአ ክሕንጥጥ ዘገደዱኒ ምኽንያታት ክሰገር።

ናዓይ ነዛ አብ ላዕሊ ሰፊራ ዘላ፡ „ሰማያዊ ባንደራ (መለይ) መለለይ ኤርትራዊ ዜግነት ዳአ እምበር፡ መሕብኢ ትግራይ ትግርኚ አይኮነትን"፡ ትብል አርእስቲ ክመርጻ ቀንዲ ዘገደዱኒ ምኽንያት፡ እቶም ዮሴፍ ገ/ሂወት (ወናኒ J-Studio)፡ አብ ቃለ-መሕታት ናይ ተፈታዊ (Talk-Show)፡ ዘቅረቦም፡ አብ መንጎ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዘየዲሊ አብ ናይ ንሕድሕድካ ዘይምትእምማን መንፈስ፣ አብ ምትፍናን፣

ወይ ውን ዘይነበረ ሕድሕድካ ጽልኢ፣ ከሳውሩ ዝኽእሉ፣ ሳራማት ሓሳባት እዮም። ሰልጠነ ግርማይ፡ [ወናኒ ተፈታዊ (Talk-Show)]፡ ን-ዮሴፍ ገ/ሂወት፡ „እስከ ብዛዕባ Dr. ኢብራሂም ስራጅ መጀመርያ ክንጅምር። ጆሲ፡ Go a head ..! ብዙሕ ግዜ ብኡ ክትዛረብ ሰምዔካ እፈልጥ እየ። ብዙሕ አፍልጦ ዘለካ ሰብ ምኻንካ ኮይኑ እዩ ዝርዳአኒ"፡ ብምባል ንዮሴፍ ዘረባ ክጅምር ዕድል ይህቦ። ዮሴፍ ካአ፡ „ንትግራይ ዝጸልእ፣ ንህዝቢ ትግራይ ከም ጸላኢ ዘቘምጥ ሰብ፡ ፈትዩ ጸሊኡ አብ ኤርትራ ክነብር አይክእልን እዩ"። ዝብል ሓሳብ የቘምጥ። ቀጺሉ ኻአ፡ „ጽልኢ ናይ ተጋሩ ዘለዎ ሰብ፡ Indirect ጸላኢ ናይቶም አብ ኤርትራ ዘለዉ ትግርኛ ተዛረብቲ ክሳብ ዝኾነ፡ አብ ኤርትራ ክነብር አይነፍቅደሉን ኢና። ስጋብ መወዳእታ አብ ልዕሊኡ ሓሙት ክንእውጅ ምኻና ክፈልጥ ክኽእል አለዎ፡ ብ-ውልቀ-ሰብ ይኹን፡ ብ-ጉጅለ"፡ እናዳበለ፡ ሓሙት ሕድሕድ ኤርትራውያን ከሳውር ዝኽእል፡ መርዛም ሓሳቡ የቅርብ።

አብዚ ንምርድዳእ ክጥዕም ምእንቲ እምባአር፡ ብንጹር ክነቘምጦ ዝግባአና ነገር አሎ። ንሱ ኻአ፡ እዞም ዮሴፍ ገ/ሂወት (J-Studio)፡ „ንትግራይ ዝጸልእ፣ ንህዝቢ ትግራይ ከም ጸላኢ ዘቘምጥ ሰብ፡ ፈትዩ ጸሊኡ አብ ኤርትራ ክነብር አይነፍቅደሉን ኢና"፡ እንዳበለ ምእንትኦም ክብል፡ ንኤርትራዊ ብገዛእ ሃገሩ፡ አብ ሃገሩ ክነብር ከፍቅደሉ ከምዘይኮነ፡ ገይሩ ክፍክር ምኽንያት ዝኾኑዎ ዘለዉ ተጋሩ፡ ብቀዳምነት፡ ብታሪኽ፣ ከምኡ እውን ብ-ፖለቲካዊ ይኹን ሕጋዊ፣ ከም ኢትዮጵያውያን እዮም ዝፍለጡ። ካብ ምትእትታው ስልጣኔ ፖለቲካዊ ምሕደራ አብ አኽሱም ጀሚሮም፡ በጃካ አብ ዝሓለፈ 50 ዓመታት፡ ማለት ህዝቢ ትግራይ ብ-መሪሕነት ናይ ወያነ ብረታዊ ቃልሲ አብ ዘበገሰሉ እዋናት እንተዘይኮይኑ፡ ዋላ አብታ ዝናአሰት፡ ደቂቕ ተባሂላ ትጽዋዕ ግዜ'ውን፡ ብ-ኢትዮጵያውነቶም ተጣራጢሮም፣ ን-ኢትዮጵያውነቶም አብ ምልክት ሕቶ አእትዮም ዘይፈልጡ፣ ሓንቲ ቢሄር ካብተን አብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ቢሄራት እዮም።

እወ ..! አሉ ክባሃል ዘይካአል ሓቂ አሎ። ኢትዮጵያውያን ተጋሩ፡ ከም ቢሄር፡ ብባህሊ ይኹን ብልምዲ፡ ምስቲ አብ ኤርትራ ዘሎ ቢሄር ትግርኛ ምትእስሳር አለዎም፡ ኢልካ ዝሕለፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብምኽንያት መውስቦታት'ውን፡ ክሳብ ናይ ስጋ ዝምድና ከምዘሎ፡ ዝጣራጠር ኤርትራዊ የለን።ይኹን ዳአ እምበር፡ ከምቲ አቀድም አቢለ አብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ፡ ብ-ታሪኾም ይኹን ፖለቲካዊ ክውንነቶም ብ-ኢትዮጵያውነቶም ዝምኽሑ ኢትዮጵያውያን እዮም። እምባአር እዚ ክቡር ሓው ዮሴፍ ገ/ሂወት ምእንቲ እዞም ኢትዮጵያውያን እዚኦም ክብል እዩ፡ ነዞም ኢትዮጵያውያን ዝጸልእ ኤርትራዊ አብ ኤርትራ ክነብር  ከፍቅደሉ ከምዘይኮነ፣ ሕሉፍ ሓሊፉ፡ አብ ልዕሊ ከምዚ ዝአመሰለ ኤርትራዊ፡ አንጻር ውልቀ-ሰብ ይኹን ጉጅለ፡ „ሓሙት ክእውጅ" ምኻኑ ካብሕጂ ዝሕብር ዘሎ። እዚ ኻአ፡ ስድራና ከምዚ ዝአመሰለ ፈኸራ ምስ ሰምዑ፡ „ብእዋኑ ዝነቐወ ዝብኢ'ሲ፡ አየሕድረንን"፡ ዝብሉ ምስላ ክምስሉ ይግደዱ ከምዝነበሩ፡ እዩ ዘዛኻኽረካ። ሓው ዮሴፍ ገ/ሂወት (ጆይ-ሲ) ናይ ኢትዮጵያውያን ተጋሩ ዘራይ ኾይኑ ክሳብ ሓሙት አንሳር ኤርትራውያን ክእውጅ ምኻኑ ዘገድዶ ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት፡ ከምቲ ንሱ ዝብሎ፡ ጽልኢ አንጻር ኢትዮጵያውያን ተጋሩ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክውገድ አለዎ፡ ዝብል ዕግበት ስለዘለዎ እዩ። ከምዚ ዝአመሰለ ዕግበት፡ ናይዚ ሓውና እዚ፡ እንተፈቲሽናዮ ግን፡ ካብ ስምዒት ኢምበር፡ ካብ ዕምቘት ዘለዎ ሰነ-አእምራዊን (Rational) ልቦናዊን ዝኾነ አታሓሳስባ ዝተበገሰ ከምዘይኮነ፡ ካብቲ ብጣዕሚ ተጋራጫዊ ዝኾነ፣ አብ ንሕድሕዱ ዝባላዕ ዘቅርቦ ሓሳባት ሰብ ክማሃር ይኽእል። ንአብነት፤

**ብሓደ ሸነኽ ጽልኢ ኣንጻር ጎሮባብቲ ኣህዛብ ጠጠው ክብል ኣለዎ፡ ዝብል ጻውዒት እንዳኣቕረበ እንከሎ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ካኣ፡ መርዚ ናይ ጽልኢ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ክነዝሕ፡ ሓድሽ ጽልኢ ኤርትራዊ ኣንጻር ኤርትራዊ ክፍጠር ክጉስጉስ፣ ሕሉፍ ሓሊፉ ኻኣ፡ ክሳብ ሕድሕድ ሾናት ኤርትራውያን ናይ ምእዋጅ ትምኒት ከምዘለዎ፣ ክሕብር ትርእዮ። ሕጂ ኣብዚ እታ፡ ሰለምንታይ እዩ ዮሴፍ ገ/ሂወት ጠበቃ ናይ ኢትዮጵያውያን ተጋሩ ኮይኑ፡ ክሳብ ሾናት ኣንጻር ኤርትራውያን ክእውጅ ሕልሚ ከምዘለዎ፡ ዝሕብር ዘሎ ..? እትብል ሕቶ ክትቀርብ ግድን እዩ። ናይዛ ሕቶ እዚኣ መልሲ ኻኣ፡ ናዓይ ከምዝርዳኣኒ፡ እዚ ክቡር ሓው እዚ፡ ==<u>ካብ ጽውጽዋይ ዳኣ እምበር፡ ካብ ኣብ ባይታ ዘሎ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሓቂ</u>== ከምዘይብገስ ምኻኑ፡ ኣብታ እትመጽእ ካለኤይቲ ክፋል ጽሑፈይ ክገልጾ ስለዝኾንኩ፡ ንሕጂ ኣብዚ ያዓጹ፡ ሰናይ ቅነ።**

**■ ዘላኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንልኡላውነት ኤርትራ ክውንነት ዝገበሩ ስማእታትና**

**■ ዓወት ንተቓለስቲ ንፍትሕን ዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ**

**■ ካብ ኣስፋሃ ተስፋሚካኤል 20.09.2023**